## ካብ ተግባርን ሓላፍነትን (mandates) ዝተወሰኑ

- ፕሮግራም ምምሕያሽ ስቪልሰርቪስ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣መምርሒታት የዳሉ፣ የፈፅም፣ ይከታተል
- ኣፈፃፅማ ፕሮግራም ምምሕያሽ ስቪልሰርቪስ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ግንዛበ ክረክብን ቀፃልነት ክህልዎን ይገብር
- ንኮሚሽን ስቪልሰርቪስ፣ ንኢንስቲትዩት መሰልጠኒ ኣመራርሓ ስራሕን ተዋሂቡ ዝነበረ ስልጣን ናብዚ ቢሮ ተመሓላሊፉ'ዩ
- ምስ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ዝተትሓሓዙ ነገራት ይሰርሕ፣ ይከታተል፣ መምርሒ የውፅእ፣ የተግብር፣ ክትግበር ይገብር
- ምስ ዝምልከቶም ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ብምትሕብባር ኣወዳድባ መሓውር፣ ኣጠቓቕማን ኣወዳድባን ሓይሊሰብ ብምግምጋም መመሓየሺ ሓሳብ ናብ መንግስቲ እናቕረበ የወስን፣ስራሕን ሰራሕተኛን ይራኸቡ ምህላዎም የረጋግፅ
- ድልየትን ጠለብን ስልጠናን ትምህርትን ኣብያተዕዮ መንግስቲ መሰረት ብምግባር ሞያዊ ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ የሳልጥ፣ ዝተፈላለዩ መዳባት ስልጠናኣብያተ ዕዮ የተሓባብር፣ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝካየድ ስልጠናን ትምህርትን ሰራሕተኛታት ዕዉት ንክኸውን ፖሊስን መምርሕን የውፅእ፣ ኣፈፃፅማ ይከታተልን ይቆፃፀርን
- ብሹመት ክትሓዙ ዝግበኦም መደባት ስራሕ መንግስቲ መሓውር ኣወዳድባ ኣገናዚቡን ምስ ኣጠቓቕማን ኣወዳድባን ሓይሊሰብ ኣዋዲዱ የፅንዕ፣ንውሳነ የቕርብ

# ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ክልል ትግራይ



ቁ.ስ፡ 251-344-410051 251-344-410050 251-344-406210

ኢ-ሜል፡ tni@ethionet.et ፋክስ፡ 251-344-407375

ቁ.ሳ. ፖ፡ 237 መቐለ, ትግራይ

http://www.tigraibocb.com

# ሓፈሻዊ መብርሂ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ

ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ከምተን ካልኦት ቢሮታት ኣብ 1998 ዓ.ም. ኮሚሽን ሰቪል ሰርቪስን ቤት ፅሕፈት ምምሕያሽ ሰቪል ሰርቪስን ሓዊሱ ከም በሓድሽ ዝተወደበ'ዩ።

## ራእይ (vision)

ሓይሊታት ልምዓት ኩለመዳያዊ ዓቕሞም ተሃኒጹ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ልምዓትን ዲሞክራስን ዝተረጋገፀላ ምዕብልቲ ትግራይ ምርኣይ።

## ልኡኽ (mission)

ኣብ ክልልና ሰናይ ምምሕዳር፣ ዲሞክራስን ልምዓትን ብብቕዓት ከረጋግፁ ዝኽእሉ ሓይሊታት ልምዓት ኩለመዳያዊ ዓቕሞም ምህናፅ።

## እምነታት (values)

- ብውፅኢትና ንሕተት
- መትከል መሪት ንሕሉ
- ፍሉይ ጠመተ ንደቂ ኣነስትዮ፣ ከምኡ'ውን ጉድኣት ኣካል
- ገምገምትና ተገልገልትና
- ዘይመሃርን ዘይልወጥን ሰብ የብልናን
- መርኣያ መትከላት ስነ ምግባር ኢና

## ቀንዲ ዕላማታት (objectives)

- ልኡኽና ብግቡእ ንምፍፃም ዓቕሚ ቢሮና ምህናፅ
- ዘመናዊ ስርዓት ኣሰራርሓ ብምትእትታው ዓቕሚ ኣብያተ ዕዮ ምህናፅ
- በቢብርኩ ዘለዉ ኣካላት ኣመራርሓ ዘመናዊ ኣመራርሓ ስራሕ ክጭብጡ ብምግባር ዓቕሚ ኣብያተ ዕዮ ምህናፅ
- ዓቕሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብምዕባይ ኣተሓሳስባ መገልገላይነት ምህናፅ
- ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ወረዳታትን ኣካላት ምምሕዳር ሓይሊሰብን ምጥንኻር
- ኣብ ክልልና ኩለመዳያዊ ተሳትፎ ደቂ ኣነስትዮ ምዕባይ

## ወሰንቲ ዋኒናት(critical issues)

- ትሑት ዓቕሚ ምፍፃም
- ስርዓት ኣመራርሓ ዘመናዊ ዘይምኳን
- ትሑት ዓቕሚ ምፍፃም ኣመራርሓ
- ትሑት ብቕዓት ምፍፃም ሰራሕተኛታት
- ትሑት ኩለመዳያዊ ተሳትፎ ደቂኣነስትዮ
- ትካል መሰልጠኒ ኢንስቲትዩት ዘይንህላው

## ወሰንቲ ስተራተጂታት(strategies)

- ፕሮግራም ምምሕያሽ ሰቪል ሰርቪስ ብምጥንኻር ዘለና ሕፀረት ዓቕሚ ምቕራፍ
- ዝተጀመሩ ፕሮግራማት ምምሕያሽ ሰቪል ሰርቪስ ኣጠናኺርካ ምቕፃል
- ስርዓት ንኡስ ፕሮግራም ምምሕያሽ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ብምትእትታውው ዓቕሚ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ምዕባይ
- በቢብርኩ ዘሎ ሰራሕተኛ ኣብ ስርሑ መሰረት ዝገበረን ብመፅናዕቲ ዝተደገፈን ስልጠና ምሃብ
- ዝተኣታቶ ዘሎ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ (BPR) ኣብ ሽትኡ ክበፅሕ ኣጠናኺርካ ምቕፃል።
- ኣብ ክልልና ትካል መሰልጠኒ ምጥያሽን ተግባራዊ ምግባርን

ዝተኣታቶ ዘሎ ምምሕያሽ ሰቪልሰርቪስ ተሳትፎ ደቂ ኣነስትዮ ክጥምት ምግባር

## ቁፅሪታት ስልኪ

- ሓለፊ ቢሮ 0344410051
- ምክትል ሓላፊ ቢሮ ጉዳያት ሰቪልሰርቪስ 0344400987
- ምክትል ሓላፊ ቢሮ ጉዳያት ሪፎርም 0344405164
- መምርሒ ኢንስፐክሽን 0344409427
- መምርሒ ርክብ ህዝቢ 0344406210
- መምርሒ ኣወዳድባ፣ምደባ ስራሕን ጥቕማጥቕምን 0344405180
- መምርሒ ትልምን ምዕባለ ሓይሊሰብን 0344402431
- ምምሕዳር ቤት ፍርዲ 0344405182
- መምርሒ ፕሮግራማት ህንፀት ዓቕሚ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ 0344410050